# ወፍርና ወፍሪ ሓርነት !

ኣብ መወዳእታ ኣርበዓታት ብውሑዳት ዜጋታት ናይ ኤርትራ : ታሪኽ እኽሪ ዘይብለሉ ጌጋ ብምፍጻሙ : ንልዕሊ 30 ዓመታት መሪር ቃልስን : ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ናይ ቀያሕቲ ጆጋኑና ከም ዝሓተተና ኩላትና ንስሕቶ ኣይመስለንን :

ሎሚ'ውን እንተኾነ እቲ ጌጋ ነብሱ ይደግም ኣሎ : ምዕቡል ኣንድነት ዝዕላምኡ : መንነትካ ምሒኻ ንምቕባር ዝርአ ዘሎ ውዲት : ካብ ናይ ኣርብዓታት ታሪኽ ዝፈልዮ እንተሎ ናይ ሎሚ ጠላማት ገለ ካብኣቶም ደቂ እቶም ናይ ትማሊ ሽየጥቲ ሃገርና ምኻኖም እዩ ፤

< ማይ ካብ ዓይና : ዝበልዎ : ከም'ዚ ዘርምም ምስረኽቡ ይኾኑ >

ነዚ ኣመልኪቱ ሓርበኛ ኣቦና ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም : ኣብ መጀመርታ 1960ታት ካብ መሬት ግብጺ ዝፍኖ መደብ ትግርኛ ብራድዮ ዘመሓላለፎ ጥቕሲ ዘኪረ : እታ ጥቕሲ ከምዚ ዝስዕብ ክኣ ነበረት :

ኦ : ክቡር ህዝቢ ኤርትራ !

< ዕፉንሲ ከም ሰብኣይ እሞ ይጭሕም : ከምቆልዓ ከኣ ባባ ይሕዘል >

ጉድ እኳ ረኺብና ኣቱም ህዝቢ : ጉድ ረኺብና ጋዶ
ጠላማት እናዓንቀፉና ኣመና'ዶ ኣይበዝሐን ጋዶ
ቀዳዳት ጁባ ብዘይርእሰማል ነጋዶ !

ዘይዓውዶም ዘቋምቱ ዝሩጋት ማእዶ
ዓገብ ንበሎም ነዚኣቶም ነግዲ ኣምሩ ጋዶ
ሰረት ከየንጸፉ ናይ ድያብሎስ ጒድጒዶ :

ኣኸብዶም ንድሕሪት ኣራእሶም ባዶ
ቅንጣብ ሕንኪ ዘየጥረዩ ጋዶ
መኻን ዘርኢ ኣብ ከውሒ ደጋጊምካ ሕንጣጦ :

ከምስሉ በዓል ኣምስሉ
ማሕጎዳ ሓሶት ናይ ዘመንና ፋይቶት መበላሉ
ብመን ክጻወቱ ንመንከ ክሓባብሉ :

ጡብ ኣዲኦም ዝነኽሱ በሊያም ኣሉ
እናርኣዩ ጓህሪ ዝኹልሱ ብኣካሉ
መንነቶም ሸይጦም ኣብ ዓንቃሪቦ ዝተንጠልጠሉ :

ኣቤት ወዳጆ ጉያ ጉያ
ንብጣልያን ዝስደዱ ብሰሃራ ሊብያ
ምድሪ በዳ ባሕሪ ዝወሓጦም ወይከ ንሕሰያ :

ዘይተኣደነ ሓሶት ኮሚርካ ንስንስ
ንተኸሊ ዘንቅጽ ዝተነድቀ ኣፍሪሱ ዝህምሽ
እንቋዕ ደሐን መጻእኩም ካብ ክሳድ ንላዕሊ ሕልክስክስ :

ኣየ ጣቋ ጥብቅና ስለ ዲሞክራሲ
እቲ ሕቶ ግን ንመን ዲሞክራሲ ?
ዲሞክራሲ ንቀጠፍቲዶ ንሰረቐቲ ?
ወይስ ዲሞክራሲ ንኣጋንንቲ መደናገርቲ ?

ዲሞክራሲ ነቲ ምእንቲ ሃገሩ ሞጋቲ
ንደባቱ ከውሕስ ዝኸፍል መስዋእቲ

ዲሞክራሲ  ንመን ?
ሕቡን ኣቦቃልሲ ባዕልኻ ፈራዲ
ህዝቢ ንስኻ ሞጋቲ ንስኻ በዓል ርስቲ !

ከመይ ኢሎም ሎሚ ንመሰል ይሓቱ ?
ንናጽነት ከየድምጹ ዝሸፈቱ
ኣብ ብድሆ ሃገር እናሰምዑ ዘስቀጡ
ግቡእ ከየማልኡ ወንጮ ዝገላብጡ

ዝተጽገመ ህዝብና ከይርህዎ ሓገዝ ዝዓገቱ
እገዳ ንክትግበር ኣንቅዓ ዝምጕቱ
ትማሊ ትማሊ ኣስከሬን ጀጋኑና ዞኽዓቱ
ሃገር ክነድድ እያድ ዘቐበሉ !

ዝረሳዕናዮም ኣሰንብልያ ኣረ ተመሊሶምና
ዕርቡን ዝተቐበሉ ንከጥፍኡና
ኣብግዜ ውርውራ ዝተኸድኑ መንጠሊና ፡

መተርኣሶም ዘርኅዱ ኣብ ዕለተ ጸገምና
ሎሚ ነቐዓት ሃሰው እናበሉ ዝህውኹና
ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ዝለጠፍዎ ስም ሃገርና ፡

ዝመጸጸ ስዋ ምግልባጥ ኣብ ዘይትዓጠነ ዕትሮ
ዝኣረገ ስልቲ ኣሓዲሽካ ዊንታኻ ከተተግብሮ
ካብዝን ካብትን ኣላኺዕካ ወየጠታት ኮማሮ ፡

ከም ደርሆ መሕረዲኦም ካራ ዝጽሕትሩ
ገዝኦም ሰሪቖም ቆፎ እንዳማቶም  ዘህጠሩ
ብቅርኒብሲ ያኢ ዋልታ ህዝቢ ክሰብሩ
ዋዕላ ኣናጹ ንድሙ ቃጭል ክኣስሩ ፡

ወጊድ በሎም ነዚኦም ጠይቂ ወያኒ
ሎኽመጽመጽ ዝለመዱ ተረፍ መርፍ ሸሓኒ
ሓሳቦም ንቑልቁል ምስወፍርኻ ዘየሳኒ ፡

ኦህዝቢ ጽንዓት ህዝቢ ነጽነት
ንውፈር ብኽንዕና ብስኒት
ንትንሳእ ቁጠባና ንሃገራዊ ድሕነት

ንውፈር ንምዕባለ ንልምዓት
ንስራሕ ነዛ ህላወና ብትብዓት
ከይደኸምካ ምኣስ ይርከብ ዓወት ፡

ንጽዓር ኣብ ብርሃን ክንጥምት
ዕድል ረኺቡ ከይወርሰና ጸልማት
ተጻይ ከይኣቱ ኣሃሚሉ ብኽርዓት ፡

ሰሚርና ንውፈር ብሓባር
ኣእዳው ኣሕዋት ኣብ ሓደ ይጠመር
መንገዲ ምዕባለ ንፈትሽ ንመራመር
ሕልና ይጽናዕ ሃገርና ንዘንተዕለት ክትነብር

ኣሕዋት ምስዝፋቐሩ ጸላእቲ የባርሩ
ሕመረት ሓይልና ሓድነት እዩ ብስሩ

ጸላእትና ከይተኸሉ ጓይላ
ከይገብሩና ገረብ ብሓኸላ
ከይጉብዙ ከይሃጥሩ ብዓል ቶኸላ
ከይድርብዩና ኣብ ናይ ስቓይ ታኼላ :

ኣብ ሓሙሳታት ዝነፈሰት ኩዑሶ
ተቐልቀለት ከእ ሎሚ ደግሲ ከም ዓሶ
ብወገን መቓቒሎም ክገብሩና ኩላሶ
ካብ ሱሩ ይተኣለ ነዚ ነውራም ዘርኢ ዘፍለሶ :

ኣእዛንና ይስማዕ ኣዒንቲ ኩላትና ይከፈት
ሕልናና ንእምሮና ይሕተት
መንግስቲ ብዘይካ ውፉይ መሪሕነት
ሃገር ብዘይ ሓጺናዊ ሓድነት
ምንባርና ንኩንቱ ከም ገንሸል ኣውደኣመት :

ንውፈር ንቑምነገር ንግደፎ በለካ ለኸዓካ
ንመን ኣርቢሑ ወገነይ ዓሌትካ
ዝወዓለን ይንገርካ ዝሰሓተን ይምከርካ
ሓማሚሱ ንድሕሪት ዝጎተታ ንኣፍሪቃ :

ንውፈር ንገስግስ ኣብዚ ውፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ
ኣእዳው ኣሕዋት ኣብ ሓደ ነጣምሮ
ዓውዲታት ሃገርና ሽሻይ ኩኹመሮ :

ንውፈር ብሓባር ንመክቶም ናይ ጥፍኣት ሃዋርያት
ተንበርከኽቲ ንናይ ደገ ሓይልታት ዕሱባት
ከሓድቲ ማህጸን ንዝንባሊኦም ሕዙኣት :

መራሕቶም ፎርጂት እኒበዓል ቲቶ
ሕብሮም ዝቐያይሩ ከም ነፋሒቶ
ብዓይኒ ፍትሒ ግዙታት ናይ ድያብሎስ ባይቶ :

ንውፈር ነደልድሎ ዕጥቅና
እጃምና ነበርክት ሓድነትና ዓቂብና
ክጠሓኑ ጸላእትና ኣብ መስርሕ ናይ ቃልስና :

ናይ ዝጠፍሹ ሜላ ወገነይ ወገንካ
ናየ ጠላማት መኣዲ ዓሌተይ ዓሌትካ
መስመረካ ሓሉ ኣነጽር መትከልካ
ፍቱን መድሃኒት እንከሎ ብጻየይ ብጻይካ :

ንውፈር ነስራሕ ንበሎ መርሓባ
ኣብታ ናጻ ሃገርና ናይ ጀጋኑ ታባ
ከነውሕሳ ክትከውን ድልድልቲ ብቑጠባ
እሾኻ ተኣልዩ ክፈስሳ መዓር ጻባ
ምዕብልቲ ኤርትራ ንመጻኢ ወለዶ ከነረክባ ፡

ንውፈር ንጸጥታን ንምክልኻል ሃገር
ንዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር
ንናይ ሓፋሽ ረብሓ ዕድል ክስእን እቲ ፈገር
ንርእሰውሳነ ጽኑዕ ምትእስሳር ተሳኒኻ ምንባር ፡

ንስርሓላ ወረጦና ከይመረተት
በቲ እናሓረሰት በቲ እናነቐሰት
ጥርጥር የብለይን ሽቶኣ ከምዝዕወት
መሰስ ክትብል እያ ጸብሪ ከይተጸየቐት ፡

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና !

| ዓ ወ ት  ን ሓ ፋ ሽ ! |
| --- |

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡